# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.115 | ሰንበት 12 ጥሪ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ናብ ዓወት ዘብጽሕ ዕላማ



ገጽ 3
ኣብነታውያን ዓድታት፡ ኣብ ምሕደራ ቀረብ ጽሩይ ማይ



ገጽ 4
ናርሲሳዊነት




ገጽ 5
ውሳነ



ገጽ 11
ኤል ክላሲኮ




## ሓመልማሎ - ብሞያ ዝሰልጠኑ ተመሃሮ ተመረቑ



ስእሊ ቤትኤል ሰለሙን

ብምውህሃድ ሃግሙተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ኣብ ዝተወደበ ናይ 3 ወርሒ ሞያዊ ስልጠና ዝተሳተፉ 136 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 207 ተመሃሮ፡ ብ9 ጥሪ ተመረቑ።

እቲ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ገጢ-ገጢ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ንተመሃሮ ክወሃብ ዝጸንሐ ተወሳኺ ሞያዊ ስልጠናታት ከምዝኾነ ዝሓበረ ዲን ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ፡ ንኩለንትናዊ ዕቤቶም ሓጋዚ ከምዝኾነ ገለጸ።

ሓላፊ ሃግሙተኤ ኣብ'ቲ ኮለጅ መንእሰይ ኣቤል የውሃንስ ብወገኑ፡ እዚ ብኽልሱ ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ስልጠና፡ ቋንቋ ምልክት፡ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ኮሚራን ግራፊክስን ዘጠቓለለ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ቀጻልን እናሓየለን ዝኸይድ ምኽኑ ኣፍለጠ።

ኣብ ሃግሙተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ሓላፊ ክፍሊ ፕሮጀክት መንእሰይ ሚሮን ኣብርሃም ድሙ ተመሃሮ ቀሲሞሞ ዝለዉ ሞያ ከም መበገሲ ወሲዶም፡ ንምምዕባሉ ብዕቱብ ከየጽኡ ኣዘተኻኺሩ።

ሰልጠንቲ ብግደኦም፡ ኣብ ርእሲ ኣካዳሚያዊ ፍልጠት ሞያ ምውሳኽ ረቢሓሉ ዓቢ ምኽንያት ብምጥቃስ ማሕበር ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጽሎ ተላብዮም።

## ዓዲ-ኳላ - ጽጉማት ስድራቤታትን ኣለይቲ ዘኽታማትን ተጣዩሰን

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ንጽጉማት ስድራቤታትን ዘኽታማትን ብጥሪትን ንኣሸቱ ሸቓጦትን ኣጣዩሰ።

እተን ስድራቤታት፡ ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ከም ምርጫአን ከምእተጣየሳ፡ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ሰገድ ሰዩም ሓቢሩ።

እቲ ናይ ምጥያስ መደብ፡ ጽጉማት ስድራቤታት ብቑጠባ ነፍሰን ንክኽእላ ዝዓለመ ምኽኑ ዝጸረ ኣቶ ሰገድ፡ ተጣዩስቲ ስድራቤታት ረኺበንኦ ዝለዋ ዕድል ተጠቂመን መነባብሮአን ንምምሕያሽ ክጽዕራ ኣዘኻኺሩ።

## ኣፍዓበት - ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት - ምምሕዳር ከባቢ ናሮ-ኣንስ ኣብ እትርከብ መጁኡታ ቤት-ትምህርቲ ቀጣሪት፡ ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብ12 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘርኣየ

ርእሰ-መምህሪ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ኣሕመድ ሸኽ ማሕሙድ ሓቢሩ።

መምህር ኣሕመድ ብዘወሰኸ፡ እዛ ኣብ 2009 ብመደብ ዓረየት ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ 2016 ብዝተኻየደ መደባት ምጥርናፍ 10 ዓድታት ናብ ሰሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ከምዝኣተወት ገለጸ።

ኣብ'ቲ ፈለማ ዓመት ቁጽሪ ተመሃሮኣ ኣስታት 120 ዝነበረ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብ150 ሚእታዊት ብምውሳኽ ናብ ኣስታት 300 ክብ ከምዝበለ ዝሓበረ መምህር ኣሕመድ፡ ብፍላይ ኣብ ቁጽሪ ደቀኣንስትዮ ዝተራእየ ዕብየት ዝምስገን ምኻኑ ኣረዲኡ።

ነበርቲ'ተን ዓድታት ብወገኖም፡ ናብ ሓደ ቦታ ንኽጥርነፉን ተጠቀምቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንክኾኑን መንግስቲ ንዝገበሮ ጻዕርታት ብምምስጋን፡ ሕጽረታት ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ንምቕላል ክሰርሑ ተላቢዮም።

## ደቂ-ዓንዱ - መደባት ምግራብ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ጽቡቕ ውጽኢት የርኢ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቂ-ዓንዱ - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተኻየደ ንጥፈታት ምግራብ ጽቡቕ ውጽኢት ከምእተረኸበ፡ ነበርቲ ገሊጾም።




ብተሳትፎ ኮም፡ ተመሃሮ፡ ኮሚቲ ወለድን መምህራንን ብብጽዋት ዝተተኸለ ኣግራብ፡ ሳላ ዝተገብረሉ ክንክንን ዕቃበን ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ከምዝበጽሐ ዝሓበሩ ወሃብቲ ርእይቶ፡ ክሳብ 60 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ኣእዋም፡ ንተምሃሮ ጽላል ኮይኑ ከቢቢ ደማ ግርማ ኩይኑ ከምዝሎ ኣረዲኦም።

ርእሰ-መምህር መጁኡታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደቂ-ዓንዱ መምህር የማን በኹረ ብወገኑ፡ ብውጽኢት ዝተኻየደ ንጥፈታት ምግራብ ከምእተሻለሙ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ደረጃ ከምዝደፍኡሉ ኣፍለጠ።

ኣባላት ኮሚቲ ወለዲ ብወገኖም፡ እቲ ናይ ምግራብ መደባት ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝዘ ምቹእ ኣከባቢ ኣብ ምፍጣር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ገሊጾም።

ካብ ዒላበርዕድ 25 ከሎ-ሜተር ንሸነኽ ደቡብ ተደኲና እትርከብ ናይ መጁኡታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደቂ ዓንዱ፡ ኣብዚ ግዜዚ 658 ተመሃሮ ኣለዉ።



ስእሊ- ሰመረ ኢዮብ

# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ናብ ዓወት ዘብጽሕ ዕላማ

ቀዳማይ ርብዒ ናይዚ ዓመተ-ትምህርቲ ሓሊፍና፡ ሓደ ሰሚስተር ንምዝዛም ንቀራረብ ኣለና። ኣብ ትምህርቲ እነሕልፎ ነፍሲወከፍ መዓልቲ፡ ሰሙን፡ ወርሕን ዓመትን ብኸመይ ይሓልፍ ኣሎ ክንፈልጥ የድልየና። እቲ ዝሓልፍ ወቕቲ፡ ይሓልፍ ምህላው ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኸመይን እንታይ ንዓመሉ ኣለናን ክንፈልጥ የድልየና። ቤት ትምህርትና፡ ፍልጠት ንምቕራብ፡ ብኽእለትን ሞያን ንምዕጣቕ'ዩ ተቐሪቡልና። ነዚ ብምርዳእ፡ እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ እነሕልፎ ግዜ፡ ከሲብናሉ ክንወጽእ ምእንቲ፡ ስለምንታይ ንምሃር ኣለና ክንሓስበሉ የድልየና። ትምህርቲ ብርድኢት ክንመላለስ ኣብ ዝጀመርናሉ፡ ነቲ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ እንምሃሮ ፍልጠት ብስርዓት ክንርድኦን ኣብ ውጽኢትና እወታዊ ለውጢ ከነምጽእን ንምርዳእ ከኣ እዞም ዝስዕቡ እንጾታት ኣመት ክህቡና ይኽእሉ እዮም።

ክትልወጥ፡ ክትበልጽ፡ ክትዕቢን ክትፈልጥን ስለ ዝሓሰብካን ዝደለኻን ጥራይ ኣይብጻሕን። ናብዚ ደረጃ ክትበጽሕ፡ ፈለማ ነቲ ክትበጽሖ ዝደለኻ ከም ሸቶ ከተቐምጦ የድልየካ። ኵሉ ብርድኢት ዝጓዓዝ ሰብ፡ ነቲ ክገብሮ ዝደሊ፡ ክብጽሖ ዝደሊ፡ ከም ሸቶ ከየቐመጠ ኣይከይድን። ንእግረ-መገዱ ስለ ዝኾነሉ ኣይኩነን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ክገብሮ ዝደሊ ስለ ዝተረድኦን ከም ሸቶ ስለ ዘቐመጦን እዩ። እቲ ክንገብሮ እንደሊ ምስ ተረዳእናዮ እምበኣር ከም ሸቶ ከነቐምጦ የድሊ።



~ ሸቶኻ ጸሓፎ፤ ካብ ኣብ ሓሳብና እንሕዞ መደባት ንላዕሊ፡ እቲ ኣብ ጽሑፍ እንሕዞ መደባት ናብ ተግባር ናይ ምቕያሩ ዝዓበየ ተኽእሎ ኣለዎ። ብሓሳብና ብዙሕ ክንገብር ንደሊ፣ ብልሳንና'ውን ብዙሕ ክንሰርሕ ከም እንደሊ ንዛረብ ኢና። እቲ ክንገብሮ እንኽእል ኣብ ጽሑፍ እንተ ኣስፊርናዮ፡ ከነተግብሮ ኣይክብደናን እዩ። እቲ ክንበጽሖ እንደልዮ ሸቶ፡ ኣብ ኣጀንዳና ንጽሓፎ። ንሓሳባትና፡ ራኢናን መደባትናን እንሕዘሉ መዝገብ ኣብ ዝሓንጸጽናዮ መስመር ክንከይድ ክሕግዘና እዩ። ቅድሚ እዚ ምግባርና ግን ድልየታትና ንፍለጦም፣ እቲ እንሰርዖ ሸቶ ኣብ ድልየታትና ስለ ዝምርኮስ። እቲ ንደልዮ ምስ ፈለጥና ሸቶና ንስራዕ። ሸቶና ክጭበጥ ዝኽእል ክኸውን ይምረጽ። እቲ እንጽሕፎ ኣብ ቀረባ ኵሉ ሳዕ ክንርእዮ ኣብ ንኽእል ቦታ ይኹን። ኣብ ትርኣስና፡ ኣርማድዮና፡ ኮፍ መበሊና፡ ገበር ጥራውዝትናን ካልእን ከነቐምጦ ንኽእል።

~ ናይ ግዜ መቓን ኣዳሉ፤ ኣብ ፊዚክስ ሰለስተ ሕግታት ኒውቶን ንመሃር ኢና። እቲ ሳልሳይ ሕጊ፡ ንዝኾነ "ኣክሽን" ማዕረኡን ተጻራሪን ግብረ-መልሲ ከም ዘለዎ ተማሂርና ንኸውን። ኣብ ኣእምሮና'ውን እቲ ክንገብሮ እንደሊ ስራሕ፡ ንኸይንገብሮ ዝገብር ማዕረኡ ዝጻረር (ከም ትህኪት፡ ተስፋ ምቍራጽ፡ ወዘተ.) ይለዓል እዩ። ኣብታ ንሸቶና ንስእላ መገዲ ድማ ብዙሕ ጓል-መገዲ ይፈጥረልና። ናይ ግዜ መቓን (Time frame) ምድላው ነዚ ጓል-መገዲ ይዓብሰልና። ብተወሳኺ ኣብ መገዲ ሸቶና ረጊጽና ክንከይድ፡ ጉዕዞና ክንግምግምን ንዝረኣየና ድኽመት ብእዋኑ ክንኣልን ንኽእል።

~ ንኽትብገስ ዘለው መሰናኽላት ድልው ምኳን፤ ኣብ ቤት ትምህርትኻ ኰዕሶ ክትጻወት ትደሊ ትኸውን። ከመይ ኢልካ ከም እትሕወስ ትሓስብን ትሸገርን ትኸውን። ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ልምምድ መዓልታት ብምጽናዕ፡ ናብቲ ሜዳ ኬድካ ነቶም ተጻወትቲ ብዝሓም ቍጸሮም። ካልኣይ መዓልቲ ተመሊስካ ቍጸሮም፣ ብ25 ሚእታዊት ቍጽሮም ጉዲሉ ክጸንሓካ እዩ። ኣብ ዝቐጸለ መዓልቲ ከኣ ብፍርቂ ክጎድል እዩ። ነቶም ኣቐዲምና እንሓስቦም ጸገማት ብጥቕላሉ ኣይንፍርሓዮ። ሓንቲ ስጉምቲ ዝኸድናላ፡ ሓንቲ መሰናኽል ከተሰግረና እያ።

~ ዘተባብዑኻ ሰብ ኣለሊ፤ ሸቶና ንምውቃዕ ዘተባብዑናን ተስፋ ዘቍረጹናን ሰብ ነለሊ። እቶም ዘተባብዑና እናኸድና ንብጽሓዮም (ንርከቦም)። ሸቶና ንብጻሕ ምትብባዕ ከድልየና እዩ። ቅድሚ ኵሉ ንገዛእ ነብስና ነተባብዓያ። ኵሉ ግዜ ምስ ዘተባብዑና ምዕላል ኣብ ሸቶና ጸኒዕና ክንከይድ ክሕግዘና እዩ።

~ መደብ ስራዕ፤ ኣብ ዝኾነ ጉዕዞ ህይወት መደብ ሰሪዕካ ምኻድ ቀዳማይ ምርጫ'ዩ። እቲ እነውጽኦ መደብ ክሳብ መወዳእታ ከብጽሓና ኣይንጸበ። መጀመሪ ዝኾነና መደብ ነውጽእ። እዚ እቲ ዝነኣሰ ናብቲ እንደልዮ መገዲ ዘትሕዘና ጥራይ'ዩ። ኣብቲ መስርሕ ምስ ተጸመድና፡ ምስ ኣካይዳናን ሸቶናን ዘሰማምዕ መደባት ንስራዕ። መደብና ከምቲ እንደልዮ ዘየስርሓና እንተ ኾይኑ፡ ቀልጢፍና ነመዓርርዮ።

~ ገምጋም ግበር፤ ሰብ ኣብ ጉዕዞኡ ዝተፈላለየ ድልየታት የጥሪ እዩ። እቲ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ሸቶ ክንእሰና ይኽእል እዩ። መጠን ዝዓበናዮን ዓቕምናን ሸቶና ክንቅይር ንኽእል ኢና። ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ካብቶም ንሸቶና እንወቕዓሎም መሳርሒታት ክንደይ መሊኽና ንመምዮ።

~ ንነብስኻ ኣተባብዓያ፤ ኣብ ዝኾነ እንሰርሖ ጽቡቕ ነገር ንነብስና ሞሳኣ ንሃባ። ሸቶና ሚእቲ ካብ ሚእቲ ክዕወት ኣይንጸበ። ኣብ ዘዝበጻሕናዮ ደረጃ ንነብስና ነተባብዓያ።

~ ተወሳኺ መዘኻኸሪ፤

- እንተወሓደ ነዘን ዝተጠቕሳ ሸውዓተ ነጥብታት ሰዓበን፣

- ንኻልኦት መማህርትኻ ሸቶኦም ከለልዩ ሓግዞም፣

- ንኻልኦት መማህርትኻ ሸቶኦም ዝወቕዕሉ መገዲ ከተማኽሮም ፈትን፣

- ብዛዕባ ሸቶን ብኸመይ ክትወቕዮም ትኽእልን ሓንቲ ዓንቀጽ ጸሓፍ።

ማክዳ ትንሱእ


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: "Sam, what is the outside of a tree called?"

Sam: "I don't know."

Teacher: "Bark, Sam, bark."

Sam: "Bow, wow, wow!"

Teacher: Which is your native place?

***


Child: "Why do you send me to school for."

Mother: "To make a man out of you."

Child: "But my teacher makes everyday a cock out of me."

***

ሜሪ ማና




ኣብ ሓደ ከባቢ ኣብ ሓደ ሩባ ዝሰትዩ ክልተ ጎደቦ ዓድታት ነበሩ። እቶም ሓደ ዓዲ ሓሶት ጥራይ ዝዛረቡ እዮም። እቶም ሓደ ኸኣ ሓቂ ጥራይ ይዛረቡ። ኣብ ደረት እዘን ዓድታት ከኣ ሓንቲ ጫሌዳ መገዲ ነበረት፤ በታ ሓንቲ እንተ ከድካ ትመውት ኢኻ፣ በታ ሓንቲ ኸኣ ትድሕን። ሓደ ንደቂ እዞም ክልተ ዓድታት ክፈልዮም ዘይክእል ጋሻ ኣብታ ቃራና በጽሐ። ሓደ መንእሰይ ከኣ ጸንሖ። ካብቶም ሓሰውቲ ድዩ ካብቶም ሓቂ ዝዛረቡ ክፈልጦ ስለ ዘይከኣለ ተዋጠረ። መወዳእታኡ ነዚ መንእሰይ ሓደ ሕቶ ምስ ሓተቶ እታ መገዲ ድሕነት ፈለጣ። እንታይ ኢሉ'ዩ ዝሓተቶ?

(መልሲ ቅድሚ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

መልሲ

"ካብቶም ሓደ ዓዲ ኤርካ እንተ ትኸውንሲ እታ መገዲ ህይወት ኣየነይቲ ኢልካ ምሓበርካኒ ኤርካ?" ኢሉ'ዩ ዝሓተቶ። ካብቶም ሓቂ ዝዛረቡ እንተ ኾይኑ "ካብቶም ሓደ ኤርካ እንተ ትኸውንሲ..." ክብሎ እንከሎ ኣብቶም ሓሰውቲ ኢሉ ክሓስብ እዩ። ሽዑ ነታ መገዲ ሞት ምሓበሮ። እቲ ሓሳዊ ኸኣ ሓሶት ጥራይ ስለ ዝዛረብ "ካብቶም ሓቂ ዝዛረቡ ነይሩ እንተ ዝኸውን..." ይብሎ ከም ዘሎ ስለ ዝፈለጠ። ኣመሉ ከይተርፍ ክሕሱ ስለ ዘለዎ ነታ መገዲ ሞት ምሓበሮ። ስለዚ፡ እቲ ጋሻ በታ ኣንጻር ዝሐበሮ ገስገሰ።

***

ነቢል ሳልሕ - ሓዝሓዝ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ጅግና ዝብሃል እቲ ንገዛእ ርእሱ ዝመልኸ እዩ።"


- Confucius

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዑደት ደም



ዊልያም ሃርቪ ንመጀመርታ ግዜ ንዑደት ደም ኣብ ኣካላትና ብዘበለጸ መንገዲ ዝገለጸ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ሻምብቆታትን ሰራውርን ካብ ልቢ ጀሚሩ ናብ ልቢ ዝምለስ ምሉእ ዙርያ ከም ዝፈጥር የረድአ። እዚ ድማ ዊልያም ሃርቪ ኣብ ምርካብ ዑደት ደም ዘለዎ ስነ ፍልጠታውን ፈተነኣውን ኣቀራርባ ዘጉልሕ እዩ። መጠን ዑደት ደምና፡ ቡቶም ኣብ ልብና ዘለዉ ሓይሊ ጭዋዳታት'ዩ ዝምርኮሶ። ተረርቲ ጭዋዳታት ልቢ ምስ ዘህልዉና፡ ኣካላትና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትርግታ ልቢ እኹል ዑደት ደም ይገብር። እዚ ከኣ ኣካላዊ ንጡፍነት ስለ ዘሀበና፡ ኣብ ስራሕ ንዝወሰዶ ሰዓታት ናይ ምጽናሕ ተኽእሎና የዕብዮ። ምንቅስቓስ ኣካላት ንነፍሲ-ወከፍ ክፋል ሰብነትና እኹል ኦክስጅን ንምብጻሕ ስለ ዝጠቕመና ድማ፡ ኤሮቢክስ ንጥዕናና ኣድላዪ ይኸውን። ዝተፈላለዩ ፍረታት ዑደት ደም ሓገዝቲ ምዃኖም ይሕበሩ። በርበረ'ውን ኣብ ኣካላትና ተኸዚኑ ንዘጸንሕ ዘይተደልየ ስብሒ ስለ ዘቃጥኖ ዑደት ደም ካብ ምዕጋት ይከላኸል እዩ።

ደም ሓያሎይ ኣገልግሎታት ዘለዎ ኣብ ሰብነትና ዝርከብ ፈሳሲ'ዩ። ናብ ዋህዮታት መኣዛታትን ኦክስጅንን ምጕዓዝ ሓደ ካብ ወሰንቲ ኣገልግሎታት ደም'ዩ። ብተወሳኺ ካብ ሰብነትና ርስሓት ናይ ምውጻእ ዕማም ኣለዎ። ሆርሞናትን ዝተፈላለዩ ኬሚካላትን ናብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ሰብነት የጎዕዝ። ኣብ ዝተወሰነ ክፍሊ ሰብነት ንዝርከብ ልዑል መጠን ሙቐት ናብ ቁርበት ብምጕዕዛዝ ይብትኖ። ኣብ ስርዓተ ምክልኻል ሕማማት ኣገዳሲ ግደ ኣብ ርእሲ ምጻወቱ፡ ኣብ ምቕላስ ሕማማት'ውን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። መድመይቲ ምስ ዘጋጥም እቶም ኣብ ደም ዝርከቡ ፕላትሌታት ረጊኦም ኮይኖም መድመይቲ ደው የብልዎ። ብሓፈሻኡ ደም ናይ ሰብነትና ባዕላዊ ናይ ጽገና ማስርሕ ከይኑ፡ መድመይትን ምስኡ ዝተኣሳሰር ዓቢ ሓደጋን ከየጋጥም ዝሕግዝ'ዩ።

ደም ሰብ ብዋጋዊ ሕብሪ ዘለዎ ፕላዝማ ዝበሃል ፈሳሲ ዝሓዘ'ዩ። ኩሎም ዋህዮታት ደም ከኣ ኣብ ፕላዝማ'ዮም ዝንጠልጠሉ። ኣስታት 45% ናይ ደም ዋህዮታት ክኾኑ እንከለዉ 55% ደሙ ፕላዝማ'ዩ። ካብቲ 90% ናይ ፕላዝማ ድማ ዝሓቖቖ ግሉኮስ እዩ። ፕሮቲናት፡ ሆርሞናት፡ ማዕድናውያን ሓጺውን፡ ፕላትሌታትን ዋህዮታት ደምን ዝሓዘ ማይ'ዩ። ዋህዮታት ደም ንቑያሕቲ ወይ ጻዕዳ ዋህዮታት ዝሓቖፈ'ዩ። ካብ ክልቲኦም ወጻኢ ድማ ፕላትሌታት ኣለዉ። ካብዚኦም ብዝበዝሐ ዝርከቡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም እዮም። ኣብ ሓደ ሚሊሜተር ኩብ ዝዓቐኑ ደም ክሳብ ሓሙሽተ ሚልዮን ይርከቦ። ኣብ ተመሳሳሊ ዝዓቐኑ ደም ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ክሳብ 10 ሽሕ ጻዕዳ ዋህዮታት ደም፡ ካብ 200 ሽሕ ክሳብ 300 ሽሕ ድማ ፕላትሌታት ይርከቦ። ንቑያሕቲ ዋህዮታት ደም ምስ ኦክስጅን ኣብ ዝሕወሰሉ ግዜ ቀይሕ ሕብሪ ዝህቦም ሀሞግሎቢን ኣሎም'ዩ። ዋሕዲ ሀሞግሎቢን ከኣ 'ኣነሚያ (ዋሕዲ ደም) ዝበሃል ሕማም የስዕብ።

ሰብ ክንደይ ዝበጽሕ ደም ኣለዎ? ደም ኣብ ሰብነትና ዘለዎ ጥቕሚ ዝርዳእ ሰብ ሓደት ዋላ ኣይኾኑ። ኣብ ሰብነትና ክንደይ ዝኣክል ደም ከም ዘሎ ዝፈልጥ ግና ብዙሕ ዘይኮኑ'ውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ሰብነት ሰብ ንዝርከብ መጠን ደም ዝውስኑ ዝተፈላለዩ ረቛሕቲ ኣለዉ። ዕድመ፡ ጾታ፡ ኩነታት ጥዕና፡ ዓይነት ሰብነት ... ወዘተ፡ ገለ ካብ ዝጥቀሱ እዮም። ኣብ ሓደ እኹል ዝበሃል ሰብ ዝርከብ ንምንጋማዊ መጠን ደም ካብ 4.7 ክሳብ 5.5 ሊትሮ ይበጽሕ። 36 ኪሎ ግራም ኣብ ዝምዝን ቈልዓ ከኣ፡ ፍርቂ ናይዚ ዝተጠቕሰ ደም ክህሉ ትጽቢት ይግበር። ዕሸላት ከኣ ከባቢ 266 ግራም ዝበጽሕ ደም ይርከቦም። ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብ መጠን ደም ካብቲ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ቁሩብ ውሑድ ዝበለ'ዩ። ልዑል ብራኸ ኣብ ዘለዎ ቦታ ዝርከቡ ሰባት ካብቶም ኣብ ትሑት ብራኸ ዘለዉ ዝበዝሐ ደም ከም ዘለዎም ይፍለጥ። ልዑል ብራኸ ኣብ ዘለዎ ቦታ ዝነብሩ ሰባት ከባቢ ክልተ ሊትሮ ዝበጽሕ ዝያዳ ደም ኣለዎም። እዚ ዝኾነሉ ከኣ ልዑል ብራኸ ዘለዎ ቦታ ውሑድ መጠን ኦክስጅን ስለ ዝርከቦ'ዩ። ናብ ሳንቡእ ናይዞም ሰባት እኹል ኦክስጅን ክበጽሕ እንተኾይኑ ከኣ ነቲ ኦክስጅን ዘብጽሕ ተወሳኺ ደም የድሊ።

## ናርሲሳዊነት

ናርሲሳዊነት ኣብ ገዛእ መልክዕካ ንዝርአ ነፍሲ ምፍቃር ዝገልጽ ስነ-ሓሳብ እዩ። ናርሲሳዊነት ዝብል ቃል መንቀሊኡ ካብ ጽውጽዋያት ግሪኽ ምዃኑ'ዩ ዝንገረሉ። ሲግመንድ ፍረውድ፡ ኣብ ዓውዲ ስነ-ልቦና፡ ንፈለማ ግዜ ናርሲሳዊነት ዝብል ቃል ዘርዓመ ምሁር'ዩ። ናርሲዝም ሓደ ሰብ ንጠለባት ናይቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ዕሽሽ ይብል። ኩሉ ሰብ ሓሓሊፉ ናርሲስታዊ ባህርያት ከርኢ ይኽእል እዩ። እቶም በዚ ጸገም እዚ ዝተጠቕዑ ሰባት ግን ተደጋጋሚ ተርእዮ እዩ።

ብኣገላልጻ ሕክምና ኣእምሮ፡ ዓቕሙ ዝሓለፈ ናርሲሳዊነት ብሕማም ምምዛቡ ኣእምሮ'ዩ ዝልለ። ሲግመንድ ፍረውድ፡ ወሰኑን ዓቐን ናርሲሳዊነት ካብ ህጻንነትና ኣትሒዙ ኣብ ኩላትና ደቂ ኣዳም ዝርከብ ኣገዳሲ ክፋል ህይወትና ምዃኑ'ዩ ዝገልጾ። ኣንድሩ ሞሪሰን ዝተባህለ ምሁር ብወገኑ 'እኹል ዓቐን ዘለዎ ጥዑይ ናርሲሳዊነት፡ ሓደ ውልቀ ሰብ ኣብ ጠለባቱ ንዘለዎ ርድኢት ብምንጻር ጠለባት ካልኦት




ንኽመዓራርዮ ሓጋዚ'ዩ ዝብል መርገጺ'ዩ ዘለዎ። ናርሲሳዊነት፡ ናርሲሳዊ ዝብሉ ቃላት መብዘሕትኡ ግዜ ኣቈናጻቢ፡ ጃህራ፡ ትዕቢት፡ ፍትወት ነፍሲ ወይ ድማ ስስዐ ንዝብሉ ኣበሃህላታት'የም ዝውከሉ። እንተ ደኣ ንሓደ ማሕበራዊ ጉጅለ ንምግላጽ ተጠቒምናሉ ከኣ ትምክሕቲ ፍልጠት ወይ ንናይ ካልኦት ሃለዋት ዘይምግዳስ'ዩ ዘስምዕ። "ትዕቢት ንውድቀት ትቕድም" ከም ዝበሃል፡ ትዕቢተኛ ሰብ ብሰንኪ ትዕቢቱ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ስለ ዝራሓሓቕ፡ ብዙሕ ሕማቕ ደኣ እምበር፡ ጽቡቕ ወረ ናይ ምስማዕ ዕድሉ ኣዝዩ ትሑት'ዩ።

እቲ በዚ ሕማም'ዚ ዝተጠቕዐ ሰብ ንባህርያቱን ተግባራቱን ሓላፍነት ኣብ ምውሳድ ዘርእዮ ምሕንጋድ፡ ንኻልኦት ሰባት ዓቢ ስቅያት ክፈጥረሎም ይርአ እዩ። እዚ ሕሉፍ ናይ ነፍሰ-ምፍቃር ስምዒታቱ ነቶም ፈተውቱ ስለ ዘስረጽሎም ከኣ ነፍሰ ክብሪ ናይቶም ግዳያቱ ኩሉ ግዜ እናተባሕጎገ ይኸይድ። ናርሲሳዊነት ከም ኣካላዊ ምዕባለ ምሳኛኺ ዝፍጠር እንተኾኑ ነቶም ብዕብየት ኣተሓሳስበኦም ክዕበልልዎ ዘይክእሉ ሰባት ግን ከም ናይ ምጸዋር ብልሓት ኩይኑ'ዩ ዘገልግሎም። ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ናይ ፋንታዚያ ዓለም ብምፍጣር ድማ ካብቲ ሓቐኛ ዓለምን ሳዕቤናቱን ክሕብኡ ይጽዕሩ። ብፍላይ ከኣ ካብ'ቲ ኣብ ግዜ ቈልዕነቶም ዘጋጠሞም ስምዒት ተጻሊኦ፡ ዘይተፈቓርነት፡ ዘይተገዳስነት፡ ሃሲያን መቕጻዕትን ተመክሮታቶምን ንምህዳም ከም መተካእታ ዘይበሉ ኣማራጺ ገይሮም ይወስዱዎም። ምኽንያቱ ከኣ ኒቲ ሓቂ (ክውንነት) ክስዕሩዎ ኣዝዩ ስለ ዘሸግሮም ኣብ ውሽጦም ሓጺር ብምፍጣር ነፍሰ ምክልኻል ይገብሩ። ገለ ናርሲሳዊነት ዝተጠቕዑ ቅኑዕ ኣተሓሕዛ ምስ ዝገበረሎም፡ ከመይ ኣብሎም ባህርያቶም ከም ዘለልዩ ክመጻኡ ወይ ክስተብህሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ንህይወቶምን ህይወት ናይቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባትን ክመሓይሽ ይኽእል።


ምስ ሓደ ናርሲሰት ርክብ እንተ ሃልዩኻ፡ ኣብ'ቲ ዝምድና ዘለካ ዳይናሚክስ ክትቅይሮ ትኽእል ትኸውን። ምስ ሓደ ናርሲሰት ርክብ እንተ ሃልዩኻ ነገም ዝሰዕቡ ስጉምትታት ፈትኖም።

ብዛዕባ እቲ ጸገም ዝያዳ ፍለጥ። ናይ'ቲ ናርሲስታዊ ሓይሉን ድኽመታትን ንምርዳእ ብሽመይ ኣገባብ ወይ ብዘበለጸ ከም እትሕዞ ክትመሃርን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። መን ምዃኖም ምፍላጥካ እውን ኒቲ ከኣታት ከሞቲ ዘለዎ ክትቅበሎን ክውንነታዊ ትጽበታት ክህልወካን ይኽእል።

## ቃንዛን ምድራዝን

ብምድራዝ ኣብሉ ዝፍወስ ቃንዛ ብዙሕ እዩ። ንኣብነት ምድራዝ እግሪ ክጥቀስ ይከኣል።

ብዝተፈላለዩ ቅብኣታት ብምጥቃም ዝግበር ማሳጅ ወይ ምድራዝ ንዝተጨበጡ ጅማውትን መትንታትን ብምፍታሕ ከም ዝዛዩን ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ጽቡቕ ስምዒት ንኽህሉን ዝሕብር ኣገባብ ሕክምና'ዩ። ማሳጅ ዝዓበየን ዝበለጸን ኣገባብ ሕክምና እዩ። ብዘይካ'ዚ ምድራዝ እግሪ ፈውሲ ቃንዛ ተባሂሉ እዩ ዝፈለጥ።



- ሓደ ነገር ሃሪሙና ኣብ እንቕዝወሉ እዋን፡ ናብ'ቲ ተሃሲዩ ዘሎ ክፍሊ ኣካላትና ወገን ዝርከብ እግርና ምስ እንደርዝ፡ እቲ ቃንዛ ቡብቑሩብ ክገድፈና ይኽእል'ዩ። ኣብ ከባቢ'ቲ ተሃሲዩ ዘሎ ኣካልና ንዘሎ ዑደት ደም'ውን ናብ ንቡር ክምለሶ ተኽእሎ ኣሎ።
- ቃንዛ ርእስን ሰርናን ምስ ዘጋጥመና፡ ንኣጻብዕቲ እግርና ብምድራዙ ኒቲ ቃንዛ ርእስን ሰርናን ከነቃልሎ ንኽእል ኢና።
- ኣብ መንከብናን ከባቢ ክሳድናን ንዘስምዓና ቃንዛ፡ ልክዕ ኣብ ትሕቲ ንእሽቶ ኣጻብዕቲ እግርና ንዝርከብ ከቢብ ክፋል ከብዲ እግርና ኣትረርና ብምጥዋቕን ብምድራዝን ክህድእ ንኽእል።
- ቃንዛ ከስዐ ኪጋጥም እንከሎ'ውን ኩርኩርናን ብምድራዝ ኒቲ ቃንዛ ብመጠኑ ክህድእ ንኽእል።

ኣብዚ ክፍሊ ኣካልና ብተደጋጋሚ ንሓያሎ ካልኣታት ኣትረርና ብምጥዋቕ ንጸገማት ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ቁሩብ ክነቃልል ንኽእል። ቃንዛ ብርኪ ንምህዳእ ከኣ ብተመሳሳሊ ኣብ ትሕቲ ዓንኮርዓንኮራትና ዝርከብ ከብዲ እግርና ኣትረርና ንጠውቕ ወይ ንድረዝ።

## ጥቕስታት

- "ጥሪ ምጀማር ሓድሽ ነገር፡ ሓድሽ ዓመት፡ ሓድሽ ዕላማ፡ ሓድሽ ዝኽሪ ኢዩ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "እቲ ዘየርአ ናብ ዝርአ ንምቕያር፡ ዕላማ ምውጻእ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ።" - **ቶኒ ሮቢንስ**
- " ኣብ ጥሪ ሓድሽ ጅማሮ ከም'ኡ'ውን መወዳእታ ዘይብሉ ክትደህሰሶ ዘለካ ተኽእሎታት ኣሎ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ተመክሮ መምህር ናይ ኩሉ ነገር እዩ።" - **ጁልየስ ቄሳር**
- "ንኻልኦት ከም ዘይሕገሱ ምግባር ገበን እዩ። ንገዛእ ርእስና ዘይምሕጋስ ከኣ ኩሉ ዓይነት ገበን ዝጀምረሉ ህሞት እዩ።" - **ሮጀር ኢበርት።**
- "ትግሃት ኣደ ጽቡቕ ዕድል ኢያ።" - **ቤንጃሚን ፍራንክሊን።**
- "ህይወት ኩሉ ግዜ ካልኣይ ግዜ ዕድል ትህበካ ኢያ። ጽባሕ ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ።" - **ዲላን ቶማስ**

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ውሳነ



በሊሕ እንተ ረጊጽካ፡ ትጉዳእ ንስኻ ኢኻ፡፡ ናይ ብዙሕ ዓመታት ቂምታ ኣብ ልብኻን ኣብ ኣእምሮኻን ከዚንካ ንህይወት ክትነብራ እንተ ፈተንካ'ውን፡ ተጉዳኢ ዝኾውን እቲ ቂምታ ዝሓዝካሉ ዘይኮነስ ንስኻ ኢኻ፡፡ ቅድሚ ዓመት ዘጋጠመካ ሎሚ ከም ዝተፈጸመቁጺርካከሉ ግዜ ብኡኡ ትሓሰም እንተ ኮይንኻ፡ ተጉዳኢ ንስኻ ኢኻ፡፡ ብሰንኪ ሕማቕ ባህርያትካ ጉድፋትካ ንዝተዓዘረት ኣፍቃሪትካ፡ እናዘከርካ ወትሩ ብሓሳብ ንድሕሪት ትምለስ እንተ ኮይንካ - እቲ ዝጉዳእ ንሳ ዘይኮነት ንስኻ ኢኻ፡፡ ብዝሒ ሓሳባት ዝመንቀሊኡ ኩነት ኣብ ዘየለ ሕልማዊ ዓለም ብምጥሓልካ፡ ንስኻ እምበር ዓለም ትኸስሮ ነገር የብላን፡፡ ስለዚ፡ ኩሉም'ዞም ነገራት ንዓኻ ዝጉድኡኻ ካብ ኮነ፡ ንምንታይ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ነገራት ክትቁጠብ ዘይትኽእል? እዚ ንምግባር፡ ፈለማ ነቲ ትነብሮ ዘለኻ ህይወት ከምቲ ንስኻ ክትተኖ እትብህግ ህይወት ዶ እኑብሮ ኣለኹ ኢልካ ንነብስኻ ሕተታ፡፡ እቲ መልሲ እወታዊ እንተ ኾይኑ፡ ደገምካ ንነብስኻ ዕጉብ ምኳንካን ዘይምኳንካን ሕተት፡፡ ኣብዚ ምናልባት ኣይፋል ምስ ዝኾውን እቲ መልሲ፡ ኣብ ዘይትኣምነሉን ኣብ ዘይመረጽካዮን ህይወት ንኽትነብር ዘገደደካ ዘሎ ምኽንያት በንቅርካ ኣውጽኣዮ፡፡ ኣብ ህይወት ዕግበት ምኽኒት ብምቕራብ ነብስኻ እናታለልካ ዲኻ ክትነብር ትደሊ? ወይስ መሪር ሓቂ ተቐቢልካ ጸገማትካ ክትፍወስ ኢኻ ትደሊ. - ኣተኩሮኻ ኣጽእር፡፡ ንስኻ ከተታልሎም ትኽእል ኢኻ፡ ንሕልናኻ ግን ፍጹም ኣይክኣልን እዩ፡፡ ዋላ'ውን እንተፈተንካ፡ ምስሉይነት እንተዘይ ኮይኑ ናይ ብሓቂ ዝኾነ ኣይመስለንን፡፡ስለዚ፡ መሰረታዊ ለውጢ ንኽተምጽእ ንዘበደሉኻ ይቕረ በል፡፡ ቀረጽ ስጉምቲ ብምውሳድ ምስ ነብስኻ ብሕቱ ኢልካ ብምዝርራብ ንጹር ራእይ ምስ ተግባራዊ ወጥን ሓንጺጽካ ተበገስ፡፡ ድሕሪ'ዚ፡ ዘኾነ ምምሕያሻት ከተርኢ ኣይክትጽገምን ኢኻ፡፡ ህይወት ብውሳኔታት ዝተሃነጸት እያ፡፡ እዚ ዘለናዮ ህሉው ኩነታት ድማ ውጽኢት ዝተፈላለዩ ውሳኔታትካ እዩ፡፡ ህይወት ሎሚ፡ ኣብ ሎሚ እያ ትነብር፡፡ ምኽንያቱ፡ ብዙሓ ጽባሕ ዝሓዝካዮን ትረልጦን ነገር ስለ ዘየሉ፡ ጽባሕ ምስጢር እያ፡፡ ይኹን እምበር፡ ንጽባሕ ዝጠመተ ራኢ ናብ ዓወት ክበጽሓና ከምዝኽእል ዘይምዝንጋዕ፡፡

ዕወታት ዝበጽሑ ሰባት፡ ብዙሓ ጽባሕ ርግጸኛታት ኮይኖም ስለ ዝኾዓዙ ወይ ስለ ዝዘረቡ ኣይኮኑን ዝዕወቱ፡፡ እንታይ ደኣ፡ በዚ ናይ ሎሚ ጽቡቕ ኣተሓሳስባኦምን መደቦምን ንጽባሕ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእሉ ንዝፍለም ክስእልዋ ስለ ዝፍትኑ እዮም ዝዕወቱ፡፡ ኣብ ናብራኻ ውሳነ ፈሪሕካ ትነብር እንተዘሊኻ፡ ትነብር ዘይኮንካስ መቓጸርቲ ነርቲ ኢኻ ትኸውን ዘለኻ፡፡ ስለዚ፡ ብዙሓ ጽባሕ ጽቡቓን ሕማቓን ከም ዘጋጥመካ ኣሚንካ ንውሳነ ኣይትፍራሕ፡፡ ሽሕ ስጉምትታት ብሓንቲ ስጉምቲ እዩ ዝጅመር፡፡ ስለዚ፡ ንኽትዕወት ብንኣሸቱ ውሳነታት ጀምር፡፡ እታ ነኣሽቱ ውሳነታት ከተተግብረላ ትኽእል ዝበለጸት መዓልቲ ከኣ ሎሚ እያ፡፡ ኣብ ኢድካ ዝጸላ ጽባሕ ኣይትጸበ፡፡ ጽባሕ ኣይናትካን እያ፡፡

ሕልሚ ፈሪሕካ ከይደቀስካ ኣይሕደርን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ብጽባሕ ፈሪሕካ ንሎሚ ከይትኸስራ ተጠንቀቕ፡፡

ኣብ ምግባር፡ ውሳነ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ውሳነኻ ኣብ ባይታ ንኽተውዕሎ ከኣ ከም ተስፋ፡ እምነት፡ መጻናዕቲ፡ ጻዕርን ምኽርን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ባእታታት ከድልዩኻ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ውሳነ ክልተ ነገር ከም ዘሎ'ውን ዘክር፡፡ ምናልባት ውሳኔታትካ ሕማቕ ወጽኢት ምስ ዘኸትል ክኸብደካ ይኽእል እዩ፡፡

እንተኾነ፡ ተመሃረሉ እምበር ኣይድካ ኣይትሃብ፡፡ ምኽንያቱ፡ ሓደ ክትበጽሖ ዝደለኻ ነገር ብዘይ ዝኾነ ውሳነ ክረጋገጽ ስለ ዘይክእል፡፡ ኣብዚ ሎሚ በጺሕካዮ ዘለኻ ደረጃ ንኽትበጽሕ ተራ ውሳነ ልዑል እዩ፡፡ ስለ ዝወሰንካ ኢኻ ንህሉው ደረጃታትካ በጺሕካዮ ዘለኻ፡፡ እንተዘይትወሰን ነይርካ ኣብዚ ኣይምሃለኻን፡፡ ስለዚ፡ ክትበጽሖ ኣብ ዝወጠንካዮ መደብ ወሳኒ ኹን፡፡ ወስን! ካብ ውሳኔታትካ ከኣ ተመሃር!

## ንልቦና

- "ገለ ክተብርክት ቅድሚ ምሕሳብካ፡ በቲ ዓውዲ ተብርኽቲ ዝኾነ ፍርያት ክተድንቕ እንተ ትኽእል ጽቡቕ እዩ፡፡" - ካላሽንኮቭ




- "ህይወት ብዘይ ብደሆ ክትነብራ እተመጊ ኣይኮነትን፡፡" - **ሶቅራጠስ**

- "ዕብየት ብስራሕ'ምበር ብዋንነት ናይ ነገራት ወይ ሓሳፍነት ኣይኮነን ዝረጋገጽ" - **ዊልያም ኣርተር**

- "ሰብ ኣብ ህይወት ምንባር ከይረሰዐ ወትሩ ምእንቲ ዝሓሸ ክነብር እናተማህረ ክጉዓዝ ኣለዎ፡፡" - **ሴኔካ**

- "ነቲ ክትፍጽሞ እትደልዮ ነገር ካብ ምፍታን ፍጹም ኣይትተሓለል፡፡ ፍቕርን ምንቅቓሕን እንተደኣ ሃልዮኻ፡ 'ናብ ጌጋ ክትወድቕ ኢኻ' ኢለ ፍጹም ኣይሓስበን እየ፡፡" - **ኢላ ፊትዘራልድ**

- "ኣብ ዓለም እቲ መሰረታዊ ርኽበት፡ እቲ ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዘሎ ዝምድና እዩ፡፡" - **ካሮል ባርት**

## ኣደንቕቲ ሓቅታት

1. ኣብ ታሪኽ ደቂ-ሰብ እቲ ዝነውሐ መዓልታት ዘለዎ ካላንደር ናይ ሓንቲ ዓመት፡ ኣብ 46 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ዓውደ ኣዋርሕ እዩ፡፡ እቲ ኣብ ዓመት 445 መዓልታት ዝነበሮ ዓውደ ኣዋርሕ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልታት ናይ ሓንቲ ወርሒ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ንዘጋጥም ወሰኽ መዓልቲ ናይ ወርሒ ለካቲት (leap year) ምዝንባልን ሕንፍሽፍሽን የኸትል ምንባሩ ይንገር፡፡

2. ኣብ ኢንዶነዥያ ኣብ እትርከብ ንእሹቶይ እሳተ-ጎመራዊት ደሴት ክራካታው ዘጋጠመ ድምጺ፡ ኣብ ታሪኽ እቲ ዝበርትዐ ድምጺ ዝነበሮ እሳተ-ጎመራዊ ነትጒ ተባሂሉ ተመዝጊቡ ይርከብ፡፡ እቲ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኢንዶነዥያ ዝተኸሰተ እሳተ-ጎመራ 'ራካታ' ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ድማ እቲ ዝለዓለ ድምጺ መንተጒቲ እሳተ-ጎመራ ዝተሰምዓሉ ተባሂሉ ይጥቀስ፡፡ እቲ ኣብ 27 ነሓሰ 1883 - ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ልክዕ ሰዓት 10 ዘጋጠመ ነትጒ እሳተ-ጎመራ፡ ክሳብ 4,828 ኪሎ ሜተር ርሒቑዩ ክሰማዕ ክኢሉ፡፡ እዚ ማለት፡ ድምጺ ናይቲ እሳተ-ጎመራ፡ ካብቲ ነትጒ ዝተኸሰተሉ ቦታ ክሳብ 64 ኪሎ ሜተር ርሒቖም ንዝነበሩ ሰባት ኣእዛኖም ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክቐድድ ዝኽእል ብርቱዕ ነበሮ፡፡

3. ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ልዕሊ 1000 ቃላት ዘበርከተ ሰብ እንተሃልዩ - እንግሊዛዊ ዊልያም ሸክስፒር እዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ብዓል ድንቂ ጥበባት ዝኾነ እንግሊዛዊ፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወት ዝጸንሑ ዝነበሩ ፍጻመታት ብመልክዕ ዛንታን ትያትርን ብምቕራብ፡ ህዝቢ ኣብ ምዝንጋዕ ኣበርክቶኡ ልዑል ምንባሩ እዩ ዝግለጽ፡፡




4. ኣብ ዓለም ዝጠንተወ ፓርላማ/ባይቶ ዘለዋ ሃገር እንተ ትሕተቱ ንመን ምረቐሕኩም? ዝበዝሕና ነተን ኣብ ጥንታዊ ዘመን ገዚፍን ስልጡንን ስርዓታት ኣዋጅን ህዝበን ዘመሓድራ ዝነበራ ጥንታውያን ሃገራት - ግሪኽን ግብጽን ምጠቐስና፡፡ እቲ ሓቂ ግና ኣብ መንጎ ግሪንላንድን ሃገራት ስካንዲናቭያን እትርከብ ሰፋሕ ደሴታዊት ሃገረ ሪፓፕሊክ ኣይስላንድ እያ ዝጠንተወ ባይቶ ዘለዋ ሃገር ተባሂላ እትጽዋዕ፡፡ እዛ ሃገር፡ ካብ 930 ዓ.ም ኣትሒዛ ብባይቶ ትምራሕ ከምዝነበረት መዛግብቲ ታሪኽ ዓለምና የረድኡ፡፡

### ንፍሽኽታ

ሰለስተ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ሰባት ወግዒ ከፊቶም እናዕለሉ እንከለዉ፡ እቲ ሓደ፡ "ኣነ ናይዚ ዓዲ ንጉስ እየ" ብምባል ተዛረበ፡፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ከምስ ብምባል፡ "መን ኢሉካ?" ብምባል ናብቲ ቀዳሞ ዝተዛረበ ብጸዩ ዝቐንዐ ሕቶ ኣስዓበ፡፡ እቲ ፈለማ ዝተዛረበ ንሕቶ ብጸዩ ንምምላስ፡ "ፈጣሪ ኢሉኒ" ክብል ኣብ ኣፉ ዝጸንሐ መለሰ፡፡ ድሕሪ'ዚ፡ እቲ ስቕ ኢሉ ክሰምዕ ዝጸንሐ ሳልሳዮም ኣብ መንጎ ብምእታው፡ "ከምኡ ክብለካ ግና ፈጺሙ ኣይዘከረንን" ብምባል ማስደመም መልሲ ሃበ ይበሃል፡፡

## ከምዚ'ውን ኣሎ



ካብ መጽሓፍቲ ፈረንሳ ከምዝተረኽበ ዝንገረሉ ሓደ ሓበሬታ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ 13 ዘመን ብዝነውሕ ሃብቲ መወዳርቲ ዘይነበሮ ሰብ እንተ ነይሩ፡ ማንሳ ሙሳ ዝተባህለ ንጉስ ናይ ማሊ እዩ፡፡

ንጉስ ማንሳ ሙሳ፡ ካብ 1280 ክሳብ 1337 ዓ.ም ኣብ ዝፋን ንግስነት ዝተቐመጠ መራሒ ኮይኑ፡ ሃጺይ ናይ መላእ ግዝኣት ማሊ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ዘመን ካብ ዝነበሩ ጉዝኣቲን ወረርቲን ድማ፡ እቲ ዝሃብተመ ሰብ ምንባሩ ይሕበር፡፡ ማንሳ ሙሳ ብፍሉይ ዝልለየሉ ዝነበረ ሃብቲ ግና ወርቂ እዩ፡፡ እቲ ዝነበሮ ሃብቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ክልካዕ እንከሎ፡ ብገምጋም ኣሽታት 400 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ክቡራት ማዕድናትን መጋየጺታትን ዘጠቓለለ ምንባሩ እቲ ጽሑፍ የመልክት፡፡ እዚ መጠን ሃብቲ'ዚ፡ ምስ ሃብቲ ናይዚ ሎሚ ካብ ዓለምና ካልኣይ ዝሃብተመ ሰብ ምኳኑ ዝንገረሉ - ንኩባንያ ኣማዞን ዝውንን ጀፍ በዞስ ክነጻጸር እንከሎ፡ ብኽልተ ዕጽፊ ከምዝዛየድ ይንገር፡፡

እዚ ካብ መጠን ንላዕሊ ሃብቲ ኣኻዕቢቱ ዝነበረ ንጉስ ማሊ፡ ንዝበዝሐ ሃብቱ ዋላ'ኳ ንድኻታት ይሕግዘሉን ይልግሶን እንተነበረ፡ ድሕሪ'ቲ ናብ ሃገረ ግብጺ ምጋሹ ግና ሃብቱን ሃብቲ'ዛ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገርን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ግብጻውያን ክኣቱ ከም ዝኸኣለ'ዩ እቲ ምንጪ ዝጠቅስ፡፡

### ምስላ ንደለይቲ ልቦና

- ሞት ቢያኒ ሕማም ዓያኒ፡፡
- ሞት ናይ እዝጊ፡ ህይወት ናይ እዝጊ፡ ሰንቂ ተማላእ ወልደዝጊ፡፡
- ማይ ኣይጉዳእ፡ ዘረባ ኣይውዳእ፡፡
- ማእምንስ እንቅዓ ትጸምቁ፡ መጥፍኢታ ትፈጨንቃ፡፡
- ዝምዕዶ ንወደይ፡ ዝሓዞ ወዲ ዓደይ፡፡
- ብኻራኻ ተመተር፡ ብዘመዳድካዮ ተኸተር ሕማቕ መርገም፡፡
- ከይመኸርካ ዝግበር፡ ከዮብኣዕካ ዘጋገር፡ እቲ ይገፍሕ እቲ ይጸፍሕ፡፡

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Maintenance Superintendent Power Station
Number required – (01)
Type of contract – definite (2 years)

Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Manager to recruit, train, and mentor a Maintenance team that will deliver quality maintenance services to the Power Station and operate the station in a safe and responsible manner.
- The Superintendent is responsible for planning, coordinating and directing all daily activities required to maintain the electrical, mechanical and structural integrity of the Power Plant as well as long-term planning to ensure a reliable power supply to the Mine. This person will be responsible to the Maintenance Manager and will assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to the Power Station maintenance.
- Development and implementation of preventative maintenance programs for the Power Station to ensure appropriate equipment availability.
- Developing methods, schedules maintenance policies and standards for the Power Station equipment maintenance
- Recruitment of all staff and coordinating training sessions in maintenance, safety procedures
- Manage budget and track maintenance expenditures.
- Implementing maintenance strategy including monthly reporting and KPI validation.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Ability to interface with other departments, particularly Production Operations.
- Ability to build and motivate a team comprising of expatriates and national employees.
- Understanding computer driven maintenance management programs
- Provide engineering expertise to ensure that all HFO equipment and associated infrastructure is installed and operates per the contract and project scope.
- Review supplier/contractor execution models and drawings for the HFO project scope, monitor performance, and develop improved processes where appropriate.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- A qualified Mechanical / Electrical Engineer or Marine Chief Engineer with international experience
- Previous experience leading a maintenance team of Supervisors and Tradesmen in Electricity Generation
- Some Power Station Project Management Exposure – Commissioning & Operation exposure.

Working Experience – Nature & Length

- 10 years' experience in large scale Power Station management & operation (10MW & larger)
- 5 years' experience as Power Station Supervisor
- Good ability in cross-cultural communication skills.
- Sound knowledge of preventive maintenance programs
- Functional communication in English is mandatory.
- Computer literacy including planning systems.

Technical Skills

- Operation Readiness – Starting a new Power Station
- Power Station Project Management exposure
- Strong Supervisory skills.
- Train and develop local staff.
- Analytical skills; Attention to detail.
- Report Writing skills
- Decision making skills; Problem solving skill
- Plan, organize and execution skills.
- Valid Driver's License

Behavioral Skills

- Safety leadership by example
- Good Interpersonal skills
- Ability to work under pressure with challenging targets
- High level of initiative
- Demonstrated training and people development skills.
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (2 years)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application toAliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣመልካቲት ኣነ ሓረገወይኒ ዘርኣየወሃንስ ገብረሚካኤል ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 745-3 ቁ.ገዛ 39 ፕሎት 9 ፓርሰል A ብዘሎ ክፍልታት 3 ቀንዲ 1 ሓጋዚ ቁጽሪ ንብረት 1፡005583 ብዕለት 22/11/12 ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይብጽሓኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተለ። እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ። ዘየቕረበ ተቓውሞ ምስ ዘይህሉ ግና ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ሓረገወይኒ ዘርኣየወሃንስ ገብረሚካኤል

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ከባቢ ዕዳጋ ዓርቢ ፕሎት 124 ፓርሰል 1 ዚፕ ኮድ 1A131 ጎደና 132-14 ቁ.ገዛ 57 ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብስም ኣንጦንዮስ ተኽለ ጊላይ+5 ብመለለዪ ቁ.ንብረት1BRASM018271 ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊት ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ኣንጦንዮስ ተኽለ
ብወኪል ወ/ሮ ምህርቲ የማነ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. +291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Electrical & Instrumentation Maintenance Superintendent-Process Plant
Number required – (01)
Type of contract – definite (2 years)

Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Manager to recruit, train and mentor a Electrical & Instrumentation Maintenance team who will deliver quality maintenance services to the fixed plant. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The Superintendent is responsible for planning, coordinating and directing of all Electrical & Instrumentation related daily activities to maintain the electrical, and Instrument/PLC integrity of the Plant. This person will report to the Maintenance Manager and assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to maintenance.
- Development and implementation of preventative maintenance programs for all site-based Fixed Plant equipment and facilities to ensure high levels of equipment availability.
- Recruitment and coordinating training sessions in maintenance, safety procedures, and methods.
- Manage budget and track maintenance expenditures.
- Assist with the implementation of capital projects.
- Implementing maintenance strategy including monthly reporting and KPI validation.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Ability to interface with other departments, particularly Production Operations.
- Ability to build and motivate a team comprising of expatriates and national employees.
- Understanding computer driven maintenance management programs,
- Able to compile reports, update/compile Job Description etc.
- Develop the Operation Readiness for the Electrical & Instrumentation section

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Trade Qualifications as an Electrician/Instrumentation Technician or equivalent or,
- A qualified Electrical Engineer with experience in overseas operational position
- Previous experience in supervising a maintenance team consisting of Supervisors and tradesmen

Working Experience – Nature & Length

- 10 years' experience in large scale open-pit mines in the areas of Fixed Plant Equipment Maintenance – Electrical Installations,
- 5 years' experience as Electrical or Instrumentation Plant Maintenance Supervisor and Superintendent.
- In-depth knowledge of the electrical components for Fixed Plant Equipment I.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc. preferable Copper Floatation Plants
- Operation Readiness exposure
- Excellent leadership qualities.
- Sound knowledge of preventive maintenance programs
- Functional communication in English is mandatory.
- Computer literacy including planning systems

Technical Skills

- Instrumentation & PLC as well as SCADA knowledge
- Electrical Equipment knowledge, including HV & LV systems switchgear
- Analytical skills
- Report Writing skills
- Plan, organize and execution skills.
- Valid Driver's License

Behavioral Skills

- Safety leadership by example
- Ability to work in developing country
- Ability to work under pressure with challenging targets
- High level of initiative
- Demonstrated training and people development skills.
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (2 years)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## Notice

Notice is hereby given to the public that the shareholder of Wdubna PLC on its extraordinary meeting conducted on 18th day of November 2024 have resolved as follows:

1. The capital of the company has decreased from Nakfa 3,000.000.00 (three million) to Nakfa 1,500.000.00 (One million five hundred thousand Nakfa) and the par value of one share is decreased from Nakfa 10,000.00 (Ten thousands) to Nakfa 5,000.00 (five thousands).
2. The new shares of the members are managed as follows:

| Name of shareholders | Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|
| 1. Mr. Tesfay Bokretsen Tsegay | 210 | 1,050,000.00 |
| 2. Genet Zeweldi Gebremedhin | 90 | 450,000.00 |
| **Total** | **300** | **1,500,000.00** |

Wdubna PLC

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Maintenance Planner
Number required – (03)
Type of contract – definite (1 year)

Major Duties and responsibilities

- The role of the maintenance planner is to improve workforce productivity and work quality by anticipating and eliminating potential delays through planning and coordination of labor, parts of material and equipment access.
- Create and assign work orders for maintenance tasks and ensure the right resources are available (e.g. parts and inventory).
- Contribute to the operations by ensuring that all maintenance activities are planned, scheduled and completed in a cost-effective manner with minimal disruption to ore process and mining activities.
- Maintains a weekly schedule and general maintenance planning activities either for the HME or fixed plant.
- The maintenance planner will ensure that all preventive, spare part management and weekly schedules are carried out in a timely and cost-effective manner and maintains the asset register and all associated tasks.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure maintenance technicians have the tools and parts they need to complete work orders.
- Expected to schedule maintenance in a way that minimizes equipment downtime ad impact on production.
- Manage the maintenance planning function to ensure that the work scheduling process is being performed effectively and meeting targeted KPIs.
- Prepare weekly maintenance schedules and plans.
- Continually review the work order history to optimize maintenance scheduling and eliminate recurring defects.
- Ensure that all work assigned is completed in an efficient and timely manner.
- Keep all plant records up to date and maintain the asset register.
- Monitor, check and liaise with workshop personnel (both in-house and contractor workshops) to ensure that maintenance works are carried out as planned and scheduled.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Trade Qualifications as a Diesel Mechanic, plant fitter/Electrician Additional qualifications in planned maintenance desired.

Working Experience – Nature & Length

- 5 years' experience in large scale open pit/process plant mines in maintenance planning
- In-depth knowledge of planning and scheduling methods
- Previous exposure to operation readiness/setting up a new CMMS system.
- Working knowledge of CMMS System.
- Computer literate in the basic Microsoft office programs, MS project experience and preferable pronto or similar CMMS System
- Proficient spreadsheet, presentation, work processing and database skills.
- Experience working in Africa

Technical Skills

- Organize, plan and execution skills
- Excellent communication skills,
- Possess an understanding of preventive maintenance techniques
- Analytical skills and attention to details
- Project management skills
- Report writing skills
- Decision making skills and problem solving skills
- Valid Driver's license

Behavioral Skills

- Ability to work in developing countries
- Good interpersonal skills
- Ability to work under pressure with challenging targets
- High level of initiative
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- Place of Work: Emba-Derho
- Type of contract: definite Period (2 years)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣነ ኤልሳቤጥ ኣብርሃም ደስታ፡ ካብ ኣቶ የውሃንስ ኣብርሃ ደስታ ዝተዋህበኒ ወህቡቶ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ዓዲ ሾማገለ ቁ.ገዛ 9፡ ፕሎት 8፡ ዚፕ ኮድ 1A118፡ ፓርሰል G ዝርከብ፡ ብመለለዩ ቁጽሪ 1፡012059/1 ዝፍለጥ፡ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተዋህበሉ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ፓብሊክ ካዳስተርን ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ኤልሳቤጥ ኣብርሃም

---

ኣነ ኣመልካቲት ዘይነብ ስሌማን መሓመድኑር ዝተባህልኩ፡ ብስም ብዓል ቤተይ ኣቶ መሓመድዜን ሓሰን ኣሕመድ ዝተመዝገበ ገዛ ኣድራሻኡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/ 07 ጎደና ትግራይ ቁ.ገዛ 100 ዝኾነ፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 105837 መወከሲ ቁጽሪ 111628 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ዋንነት ደብተር ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝብል፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07845129 ወይ 07330550 ቀሪቡ ክረኽበኒ ወይ ክሕብረኒ፡፡ እንተዘየሎ፡ መተካእታ ክወሃበኒ ክሳተት ምኽንያይ እሕብር ኣሎኹ፡፡

ዘይነብ ስሌማን መሓመድኑር

---

ኣቶ ማሕሙድ ዓብዱ ዓብደላ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ መሸጣ መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና ንግዳዊ ትካሎም "ነጃሕ መሸጢ መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና" (NEJAH AUTO SPERE PARTS) ተባሂሉ ክጸየማሎም ስለዝሓተቱ፤ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሸጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. Position: Underground Mining Trainer

Department: ES/Training and Development

Number required: One (01)

Primary Purpose

- Design, Develop and implement underground Training and Assessment System.
- Conduct operator training and assessment in the Laud and Haul, Drill, and Blast operations.
- Coach and mentor national trainers to make them competent trainers.
- Develop safety and health training packages and conduct actual training.

Task description expanded to core performance areas

- Design, Develop and implement underground Training and Assessment System
- Planning and Scheduling Mining operators training & assessment
- Conduct training & assessment
- Follow up and Proficiency level training
- Conduct training Impact and Effectiveness evaluation
- Reporting & record generation

Unique requirements/other information

- Good verbal and written communication skills in English.
- Ability to work in multicultural work environment.
- Must be highly motivated, driven by objectives and capable of multi – tasking.
- Coaching and mentoring skills.
- Understanding of instruction design system.
- Proven experience in Underground Mining Operation.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

Qualifications: Knowledge and Experience

o Degree or Diploma in related field

o Trainer & assessor Certificate o 5-10 years' experience in Underground Mining Operations

o Competency on Underground Mining Equipment and Blasting Operations.

o 5-6 years Underground Mining Load & Haul Operator training and Drill & Blast Operations training experience

Technical Skills Behavioral Skills

o Computer Skills, Analytical Skill

o Attention to detail

o Plan, Organize & Execution skills

o Presentation skills, Problem solving skill

o Relevant trade skills, Assessment skills o Communication English

o Assertiveness, Interpersonal Relations

o Integrity, Conflict resolution

o Ability to work towards strict deadlines

o High level of accuracy, Discretion

2. Position: HME Dewatering Mechanic

Department: Mining

Number required: One (01)

Primary Purpose

- Responsible for managing the pit dewatering pumps and engines by executing planned services, breakdown and major rebuilding of dewatering pumps.
- Manage and control spare parts availability.

Essential functions

- Safely maintain pit dewatering pumps to ensure targeted reliability and availability to support mining activities in all mining operations. (Planned and unplanned work)
- To rebuild dewatering pumps when needed to ensure availability of worn or failed pumps.

Task description expanded to core performance areas

- Planning
- Implementation of the plan
- Reporting

Unique requirements / other information

- The candidate must be Physically and Medically fit.

Qualifications: Knowledge and Experience

o Formal Trade Certificate

o Must have a valid driver licence. o 3 - 5 years pit dewatering pump and engine experience

o Knowledge of SYKES and or Godwin dewatering pumps

o Knowledge of submersible pumps.

Technical Skills Behavioral Skills

o Computer Literacy MS Office – Intermediate)

o Attention to detail, Analytical skill

o Mechanical & Electrical dewatering experience

o Problem solving skill

o Reading and understanding technical diagrams. o Communications (English), Assertiveness

o Interpersonal relations (Team player)

o Prioritizing skills & multi-skilling

o Ability to work towards strict deadlines

o Discretion, High level of accuracy, Self-motivation

o Integrity, Self-driven

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.
- Type of Contract: Indefinite

Additional requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.


Address: Please mail your applications to:-

Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:

Please send a copy of your application to:

1. Aliens Employment permits Affairs,
   P. O. Box 7940
   Asmara, Eritrea.
2. Mineral Resources Management
   P. O. Box 272
   Asmara, Eritrea



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኤል ክላሲኮ ሪያል ማድሪድ ዶ ባርሴሎና?




ዝዓበየን ልዑል ቁላሕታ ዝረኸበን ኣብ መንጎ ሪያል ማድሪድን ብርሴሎና ዝፀዩድ ናይ ክለባት ጸወታ ዝኾነ ግጥም ኤል ክላሲኮ፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ስዑዲ ዓረብ ከተማ ጂዳ ክእንገድ እዩ።

እዘን ታሪኻውያን መቓናቕንቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ናይ ዕወታት ዕውትቲ (ሱፐር ኮፓ እስጳኛ) እየን ክራኸባ። ባርሴሎና፡ ንኣትሌቲኮ ቢልባኦ፡ ሪያል ማድሪድ ከኣ ንማጆርካ ረቲዐን እየን ናብዚ በጺሐን።

ማድሪድን ባርሳን ዝሓለፈ ዓመት 2024፡ ኣብ ተመሳሳሊ መድረኽ ተራኺበን ነይረን፡ ማድሪድ፡ ብገፊሕ 4ብ1 ተዓዊታ። ሎሚ ዓመት 2025 ከኣ ማድሪድ ብዓበኡ ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ ብዘውሳኺ ድማ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ ሜዳኣ ኣብ ናይ ላ'ሊጋ ጸወታ ብባርሳ ብገፊሕ 4ብ0 ተሳዒራ ብምንባራ ሕነኣ ክትፈድየሉ እትኽእል ዕድል ረኺባ ኣላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደሮ ኣብዚ ወቕቲ ክልተ ወናጩ - ጸዋእ ዕወታት ዕውትቲ ኤውሮጳ (ሱፐር ኮፓ ኤውሮጳ) ከምኡ'ውን ጸዋእ ፊፋ ኢንተርኮንቲነንታ ዓቲራ ብምህላዋ፡ ሳልሰይቲ ጸዋእ ክትኾኖ እያ።

ማድሪድ፡ ሎሚ ምሸት ንጉዳያም ተጻዋታያ ሉካ ሞድሪች ዘይኽትጥቀመሉ ትኽእል እያ። ሓሚሙ ከምዘሎ ዝገለጸ ሞድሪች፡ ዛጊት ኣብዚ ጸወታ ምእላዩ ወግዓዊ ኣይረጋገጸን። እታ ጋንታ፡ ኑየም፡ ንልዕሊ ዓመት ካብ ጸወታ ተኣሊዩ ዘሎ ዳቪድ ኣላባን ኣብዚ ወቕቲ ሓደሽ መጉዳእቲ ዘገጠሞ ሚሊታኦን ካርቫሃልን ጉዲፍካ፡ ኩሎም ተጻወትታ ድሉዋት ኣለዉ።

ሓላዊ ልዳት ኮርቱዋ፡ ተኸላኸልቲ - ቫርከዝ፡ ቹመኒ፡ ሩዲገርን መንዲን፡ ኣኸፋፋሊ - ቫልቨርደ፡ ካማቪንጋን በሊንግሃም፡ ኣጥቃዕቲ ከኣ - ቪንሰየስ፡ ሮድሪጎን ምባፐን ክስለፉ ትጽበት ይግበር።

ንዘለዉሐ ቅንያት ላ'ሊጋ ትመርሖ ዝበረት ባርሴሎና፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ናይ ሊግ ግጥማታ ሓንቲ ጥራይ ብምዕዋታ፡ ናብ ሳልሳይ ደረጃ ኣንሸራሪታ ኣላ፡ ብሓሙሽተ ነጥቢ ካብ መራሒት ሪያል ማድሪድ ድሕራ ትርከብ።

እዛ ኣብ ዞባ ካታሎኛ እትርከብ ክለብ፡ ዓሚ ኣብዚ ውድድር ብማድሪድ ዝቖመሰቶ መሪር ስዕረት ንምድባስ ዓቢ ስራሕ ክጽበያ እዩ። ባርሳ፡ ኣብ 2023 ንማድሪድ 3ብ1 ረቲዓ ዝዓ ዋንጫ ኣልዒላታ ነይራ።

ባርሴሎና፡ ሎሚ ኑየም ብሰንኪ ናይ ምዝገባ ጉዳይ ኣብዛ ሓዳስ ወርሒ ዛጊት ዘይተጠቐመትሎም ዳኒ ኣልሞን ፓው ቪክቶርን ክተሰልፍ ትኽእል እያ። ከም ፍታሕ ንግዜኡ ከተመዝግቦ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እስጳኛ ፍቓድ ተዋሂብዋ ብምህላዉ። እንተ ሓላዊ ልዳታ ተር ስተገን፡ ማርክ በርናልን ክሪስቲያንሰንን፡ ሕጂ'ውን ኣይክጻወቱን እዮም።

በዚ ከኣ፡ ሓላዊ ልዳት ሽዝኒ፡ ተኸላኸሊ - ኩንደ፡ ኩባርሲ፡ ማርቲነዝን ባልደን፡ ኣከፋፈልቲ - ካሳዶ፡ ፔድሪን ጋቪን፡ ኣጥቃዕቲ ከኣ - ራፊንያ፡ ያማልን ለዋንዶውስኪን ቀዲሞም ክስለፉ ይግመት።

ካብ ስታትስቲክስ

* ማድሪድ፡ ሎሚ እንተተዓዊታ፡ መበል 14 ጸዋእ እዚ ውድድር ክትኾኖ እያ - ምስታ መራሒት ዘላ ባርሴሎና ክትመዓራረ እያ።

* ኣብ ኩሉ ውድድር 258 ግዜ ተራኺበን፡ ማድሪድ 106 ግዜ ተዓዊታ፡ ባርሳ ኣብ 101 ርእሳ ኣቐሪዓ፡ 51 ግዜ ማዕረ ወጺኦን። ኣብዚ መበል 259 ግጥምከ?

## ኤቨርተን፡ ንሞየስ ቈጺራቶ

እንግሊዛዊት ክለብ ኤቨርተን ንናይ ቀደም ዓላሚኣ ዳቪድ ሞየስ ዳግማይ ክስልጥና፡ ትማሊ ቈጺራቶ።

ኣብ መሳልል ፕሪመር ሊግ መበል 16 እትርከብ ኤቨርተን ዝሓለፈ ዓመት ንዓላሚኣ ሻን ዳይች ምብራራ ይዝከር። ቦታኡ ከኣ ትማሊ ብሞየስ ከምዝተተክኦቶ ወግዓዊ ገይራ ኣላ፡ እዚ ወዲ 61 ዓመት ስኮትላንዳዊ ዓላሚ፡ ክሳብ ክረምቲ 2027 ዝጸንሐ ናይ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ውዕል ፈሪሙ ኣሎ።

ሞየስ፡ ዳግማይ ናብ ስራሕ ዝመልሶ ውዕል ድሕሪ ምፍራሙ፡ "11 ዕወታት ዓመታት ኣብ ኤቨርተን ኣሕሊፈ እየ፡ ዳግማይ ንኽጽምባራ ዘኽእለኒ ዕድለ ምስ ተቐረበለይ ከኣ ኣይተማታእኩን" ኢሉ።

ሞየስ፡ ካብ 2002 ክሳብ 2013 ኣዛ መርሲሳይዳዊት ክለብ ዓለምዋ ነይሩ። ድሕሪኡ ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ድሕሪ ምቕናዑ፡ ንሪያል ሶሴዳድን ሳንደርላንድን ዓሊሙወን። ናይ ቀረባ ዝሰልጠና ክለብ ከኣ ካብ 2016 ጀሚሩ ዝሓዛን ምስ ምዝዛም ወቕተ-ስፖርት 2023-24 ዝገደፋን ዌስት ሃም እያ።





### ቅንጥብጣብ

* ኣከፋፋሊ ቦርንማውዝ ፍሊፕ በሊንግ፡ ንሸዱሽተ ኣዋርሕ ብልቓሕ ምስ ኢጣልያዊት ክለብ ናፖሊ ክጻወት፡ ናብታ ጋንታ ግዒዙ።

እዚ ውዕል ናይ ምግዛእ ኣማራጺ ዘለዎ ኮይኑ፡ ብ10 ሚልዮን ዩሮ ክትውንኖ ትኽእል እያ።

* ፒኤስጂ፡ ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ናፖሊ ክቪቻ ክቫራትስኸሊያ ንምግዛእ ብኹሉ መዳይ ከምእተሰማምዐት ተሓቢሩ።

እዚ ጆርጂያዊ ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ባዕሉ ካብታ ኢጣልያዊት ክለብ ክወጽእ ከምዝሓተተ'ውን ዓላሚኡ ኣንቶንዮ ኮንተ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ኮንተ፡ ሎሚ ኣንጻር ቨሮና ኣብ ዘካይድዎ ናይ ሰሪኣ ጸወታ፡ ንክቫራትስኸሊያ ከምዘይጥቀመሉ ድማ ሓቢሩ።

* ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ጁቬንቱስ ናብ ሊቨርፑል ዝተጸምበረ ፍራንቼስኮ ኪዬዛ ትማሊ ኣብ ናይ ኤፍ.ኤ ካፕ ጸወታ ቀዳመይቲ ሾቶ ብምግልያ እዛ እንግሊዛዊት ክለብ ጸምቢሉ።

ሊቨርፑል፡ ኣብ ሜዳኣ ብሾቶታት ጆታ፡ ኣርኖንድ፡ ዳንን ኪዛ ንኣክሪንቶን 4ብ0 ሰዒራታ፡ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ።



## ባርሴሎና፡ ሕቶ ጁቬንቱስ ነጺጋ




ባርሴሎና፡ ንተኸላኻሊኣ ሮናልዶ ኣራህዮ ንምፍራም ካብ ጁቬንቱስ ዝመጸ ሕቶ ከምዝነጸገቶ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጋዜጣ ማርካ፡ ጁቬንቱስ ፡ ነዚ ኡራጓያዊ ንምውናን 35 ሚልዮን ዩሮ ሰሊዓ እያ ሕቶ ኣቕሪባ።

ይኹን እምበር፡ ባርሳ፡ እዚ መጠን ገንዘብ ካብቲ ሸኒናቶ ዘላ ንታሕቲ ምኻኑ ብምግላጽ ነጺጋቶ። እዛ ሎሚ ምሸት ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ እትጻወት ክለብ፡ ንኣራህዮ ናብ 50 ሚልዮን ዩሮ ዝጸጋጋዕ መጠን መሸጣሪ እያ ተሚናቶ ዘላ።

ጁቬንቱስ፡ ነዚ ብሰሪ ናይ ጭዋዳ ጸገም ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናብ ጸወታ ዝተመልሰ ብሉጽ ተኸላኻሊ፡ ኣብዚ ወርሒ ቀዋሚ ዕላማኣ ገይራ ኣላ። ኣገልግሎቱ ክትረኽብ ግን፡ ነቲ ኣቓዲማ ዝሰልዓትሉ መጠን ክትውስኽሉ ከድልያ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዓላሚ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክ፡ እዚ ክንጸ ጁቬንቱስ ቀልቢ ካልኦት ክለባት'ውን ስሒቡ ዘሎ ተጻዋታይ ክዕቅቦ ከምዝደሊ ተዛሪቡ። እዚ ጀርመናዊ፡ "ኣብ ጋንታይ ክጸንሕ እየ ዝደሊዮ፣ ምኽንያቱ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ብምዃኑ" ኢሉ።

ብኻልእ ወገን ካብ መጉዳእቲ ተመሊሱ ሓንቲ ጸወታ ኣካይዱ ዘሎ ኣራህዮ፡ ብቐዓቱ ኣብ ፕሪመር ሊግ ክፍትኖ ከምዝደሊ ይግለጽ። ሓንቲ ካብ ክለባት እቲ ሊግ ዝኾነት ኣርሰናል ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ተገዳስነት ኣርእያ ምህላዋ ይሕበር።

ኣብ 2017 ካብ ናይ ሃገሩ ክለብ ቦስቶን ሪቨር ናብ ባርሳ ብ1.78 ሚልዮን ዩሮ ዝተጸምበረ ኣራህዮ፡ ውዕሉ ኣብ ክረምቲ 2026 እዩ ዘብቕዕ። ባርሳ፡ ዘዕግብ ገንዘብ እንተረኺባ ክትሸጦ ከምእትኽእል'ውን ጋዜጣ ማርካ ተረድአ።

## ማን ሲቲ፡ ንኩሳኖቭ ክተፈርሞ ተሰማሚዓ

ኣብዚ ወርሒ መሳርዓ ንምድልዳል ተዳልያ ዘላ ማን ሲቲ፡ ንተጻዋታይ ለንስ ኣብዱኮዲር ኩሳኖቭ ብ33.6 ሚልዮን ፓውንድ (40 ሚልዮን ዩሮ) ክተፈርሞ ተሰማሚዓ።

ተወሳኺ መቐሸሽ ክትከፍል ምኳና እትግለጽ ማን ሲቲ፡ ነዚ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ ዘፈረመትሉ ምኽንያት፡ ኣብዚ ቑመናኣ ጉዳልሉ ዘሎ እዋን፡ መስመር ምክልኻላ ተዳኺሙ ብምህላዉ እዩ። ኣብ ገለ እዋናት፡ ብፍላይ ኣብዚ ወቕቲ ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ከኣ ዋሕዲ ናይቶም ኣብቲ መስመር ዝስለፉ ብቑዓት ተኸላኸልቲ የጋጥማ እዩ።



እዚ ንምፍዋስ ናብ ዕዳጋ ኣብ ዝወረደትሉ ከኣ፡ እዚ ወዲ 20 ዓመት ኡዝበኪስታናዊ ናብ መሳርዓ ጸምቢራቶ ትርከብ። ቅድሚ 18 ኣዋርሕ ካብ በላሩሲያዊት ክለብ ኢነርጊቲክ ናብ ለንስ 84 ሽሕ ፓውንድ (100 ሽሕ ዩሮ) ዝተጸምበረ ኩሳኖቭ፡ ብቕልጡፍ ምዕባለ ከምዘርኣየ ይግለጽ።

ኩሳኖቭ፡ ናይ ፈለማ ኡዝበኪስታናዊ ኣብ ፕሪመር ሊግ ክኸውን እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ከዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል
ሓይሊ ኣየር - ደንደን 9:00 ቅ.ቀ
ዘዋሪት ዋንጫ ደቂ ተባዕትዮ
ኣልታሕሪር - ኣኽሪያ 1:30 ድ.ቀ
ደንደን - ማን ተመናይ 3:30 ድ.ቀ

**ኤፍ. ኤ ካፕ**


ታምዎርዝ - ቶተንሃም 3:30 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ማን ዩናይትድ 6:00 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ኦሳሱና 6:15 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኮሞ - ኢንተር ሚላን 5:00 ድ.ቀ
ቦሎኛ - ሮማ 8:00 ድ.ቀ
ናፖሊ - ቨሮና 10:45 ድ.ቀ



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## “ሓንቲ ሽጋራ፡ ካብ ዕምሪ ኣትካኺ 20 ደቓይቕ ትሰርቕ!” ተመራመርቲ

ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ለንደን ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሓንቲ ሽጋራ ካብ ዕምሪ ኣትካኺኡ 20 ደቓይቕ ከምእተጉድል ተሓቢሩ።

እዞም ተመራመርቲ፡ ኣብ ምትካኽ ሽጋራ ኣመልኪቶም ዝተኻየዱ 2 ሽሕ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ተመርኲሶም እዮም መጽናዕቶም ኣካይዶም። ንኣብነት፡ ወዲ-ተባዕታይ ሓንቲ ሽጋራ ምስ ዘትክኽ፡ ዕምሩ ብ17 ደቓይቕ ክሓጽር ከሎ፡ ሓንቲ ሽጋራ ከኣ ንዕድመ ጓለንስተይቲ ብ22 ደቓይቕ ከምተጉድሎ ኣረጋጊጾም።



እዚ ብምትካኽ ሽጋራ ዝስዕብ ምሕጻር ዕምሪ፡ ብመጠን እቲ ሰብ ንውሽጢ ስሒቡ ዘእትዎ ዓቐን ትኪን ዘለዎ ጸገማት ጥዕናን ክልዕልን ክትሕትን ከምዝኽእል ኣረጋጊጾም ኣለው። ብመሰረት እዚ መጽናዕቲ፡ ሽጋራ ዘየትክኹ ሰባት፡ ካብቶም ዘትክኹ መዛኑኦም ንላዕሊ፡ ብኣማኢ 10 ክሳብ 11 ዓመት ብህይወት ከምዝጸንሑ ይሕብር።

እቶም ተመራመርቲ ንጥቕሚ ምቁራጽ እዚ ወልፊ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ መዓልቲ 10 ሽጋራ ዘትክኽ ሰብ፡ ሰሙን ሽጋራ ምትካኽ ምስ ዘቋርጽ፡ ካብቲ ክሓጽር ዝተሓስበ ዕምሩ ሓንቲ መዓልቲ ክመልስ ከሎ፡ ንዓመት ምስ ዝገድፎ ድማ፡ ዕምሩ ብ50 መዓልታት ከምዝነውሕ ገሊጾም። ምትካኽ ሽጋራ ብዝያዳ ዘስዕቦ ምሕጻር ዕምሪ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዕድመ’ውን ዝተፈላለዩ ጸገማት ጥዕና የስዕብ። ብተወሳኺ፡ ሓደ ሽጋራ ዘትክኽ ወዲ 60 ዓመት ሰብ፡ ምስ ሽጋራ ዘየትክኽ ወዲ 70 ዓመት ዝመሳሰል ኩነታት ጥዕና ከምዝወንን ይሕብር።

ሽጋራ ምትካኽ ሓደ ካብቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ክውገድ ዝኽእል ጠንቂ ሞት፡ ሕማምን ስንክልናን ዝኾነ ወልፊ እዩ። ኣትካኺት ሽጋራ፡ ብዙሒ ዘትክኽዎ ሽጋራ ዘይኮነ ክጉድሉ ዘለዎም፡ ብኣዋኑ ብምቁራጽ’ውን፡ ጥዕናኦም ከመሓይሹን ዕምሮም ከንውሑን ከምዝኽእሉ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሮም።

## 2025፡ ምጅማር ሓዲሽ ወለዶ’ያ ተባሂሉ

ካብ ባሕቲ ጥሪ ናይ’ዛ ካብ እንርእዮ 2 ሰሙን ገይርና ዘለና ሓዳስ ዓመት ክሳብ 2039 ዓ.ም ዝውለዱ ህጻናት፡ ‘ወለዶ ቤታ’ ዝብል መለለዪ ስም ተዋሂብዎም ከምዘሎ ተሓቢሩ። በዚ ከኣ፡ ዓመት 2025 ምጅማር ሓዲሽ ወለዶ ከምዝኾነት ተገሊጹ።

እዚ ‘ቤታ’ ዝብል ስም ተዋሂብዎም ዘለው ወለዶ፡ ክሳብ 2035 ዓ.ም፡ ን16 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ዝወክሉ ኮይኖም፡ ዝበዝሑ ካብኣቶም ከኣ ክሳብ 22 ክፍለ ዘመን ክበሩ ምኻኖም ተገሊጹ ኣሎ።

እዞም ሓዲሽ ወለዶ፡ ኣካል እቲ ብሕጂ ክመጽእ ምኻኑ ዝንገረሉ ዘሎ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ ከምዀኑ ይሕብር። በዚ መሰረት፡ ኣውቲስታ ዘይብለን ተሽከርከርቲ ዝዕብልላሉ፡ ጥዕና ዝህብ ቴክኖሎጂያዊ ልብሲ ዝኽደነሉ፡ ከምኡ ድማ፡ ማሕበራዊ መንበሮ ዝዓብለሎ ማለት ብዛዕባ ቴክኖሎጂ ንዘገራት ብቐረባ ከተስተማቕረሉ ዘኽእል መንበሮ (virtual environment) ዝርኣየሉ ግዜ ስለዝኾነ’ውን፡ እዞም ወለዶ ኣዚታት ብዋዕቢ ዝመልኩ ከምዝኾኑ ክኢላታት ናይ’ዚ ዓውዲ ኣገንዚቦም።

እዞም ወለዶ ‘ቤታ’፡ ወላ’ኳ ብዛዕባ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ መንበሮኦ ክቐልል ዝኽእል እንተኾነ፡ ኣደራዕ ክሊማዊ ለውጢ፡ ቅልጡፍ ከተማውነትን ምውሳኽ ህዝቢ ዓለምን ዝኣመሰለ ብደሆታት ከምዝገጥሞም እቶም ክኢላታት ይእምቱ። ወለዲ ናይ’ዚ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዕድመ ቈልዑ ዝርከቡ ወለዶ፡ ንጽልዋ ተጠቃምነት ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን ኣመልኪቶም ብዝከኣሎም ኣብ ደቀም ዕቱብ ቁጽጽር የካይዱ’ኳ እንተኾኑ፡ ወለዲ እዞም ብሕጂ ዝመጽኡ ዘለው ወለዶ ግን፡ ብሰንኪ ቅልጡፍ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ፡ ኣብ ደቆም ዕቱብ ምክትታል ከካይዱ ክጽገሙ ምኻኖም ይንገር።

ማሕበራዊ ተመራመርቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ 100 ዓመታት ዝተወልዱ ሰባት፡ ብመንጽር ዝተወልድሉ ዓመት፡ ኣብ ሸሞንተ ወለዶታት ከፋፊሎሞም ይርከቡ። ነፍሲ-ወከፍ ወለዶ ዝተፈልየ ማሕበራዊ ክብርታትን ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለን ክህልዎ ከሎ፡ ኣብ ዓለም ከኣ ኣፍቶም ክፈላዊ ለውጢ ከምዝኸተሉ ይሕብር። እቶም ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ሓደ ዘመን ዝበቑ ወለዶታት ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ተኸፋፊሎም ኣለው፦

ወለዶ ቤታ፦ ካብ 2025 ክሳብ 2039 ዓ.ም ዝውለዱ።

ወለዶ ኣልፋ፦ ካብ 2010 ክሳብ 2024 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት ትሕቲ 15 ዓመት ዕድመ ዘለው።

ወለዶ ዜድ፦ ካብ 1997 ክሳብ 2009 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት ካብ 16 ክሳብ 30 ዕድመ ዝርከቡ።

ወለዶ እልፊ፦ ካብ 1981 ክሳብ 1996 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት 31 ክሳብ 45 ዕድመ ዘለው።

ወለዶ ኤክስ፦ ካብ 1965 ክሳብ 1980 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት ካብ 46 ክሳብ 60 ዕድመ ዝርከቡ።

ወለዶ ሓሸክት፦ ካብ 1946 ክሳብ 1964 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት 61 ክሳብ 79 ዕድመ ዘለው።

ወለዶ ህድኣት፦ ካብ 1928 ክሳብ 1945 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት ዕድመ 80ታት ዝርከቡ።

ወለዶ ዕበየት፦ ካብ 1901 ክሳብ 1927 ዓ.ም ዝተወልዱ፡ ማለት ልዕሊ 98 ዕድመ ዝርከቡ።



## ሽጉርቲ፡ ኣብ ልዑል ሙቐት ምብሳል ጉዳኢ ምኳኑ ተገሊጹ

ቀይሕን ጻዕዳን ሽጉርቲ ኣብ ልዑል ሙቐት ምስ ዝበስል፡ ንጥዕና ተጓዳኢ ዝኾነ ዓይነት ስብሒ ከም፡ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ መይጂ - ጃፓን ሓቢሮም።

ቀይሕን ጻዕዳን ሽጉርቲ ኣብ ዕለታዊ መግቢና እንጥቀመሎም ኮይኖም፡ ብዙሕ ጥዕናዊ ጥቕሚ ዝርከቦም ዓይነት ኣሕምልቲ እዮም። ኣብ’ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ከኣ፡ ኣብ ቀይሕን ጻዕዳን ሽጉርቲ ዝርከብ ጫሕታ ‘ሳልፈር’፡ ንልዕሊ 140 ዲግሪሰንቲግረይድ ዓቐን ምቕት ምስ ዝቃላዕ፡ ሕማም ልብን ሕማም ሽኮርን ክስዕብ ከምኡ’ውን ዓቐን ተጓዳኢ ኮለስትሮል ክልዕል ናብ ዝኽእል (trans-fatty acids) ዝበሃል ተጓዳኢ ዓይነት ስብሒ ከምዝልወጥ እዩ ተሓቢሩ ዘሎ። እዚ ተጓዳኢ ስብሒ፡ ኣብ መናድቕ ሻምብቆ ደም ተለጢፉ፡ ምጽባብ ሻምብቆ ብምፍጣር፡ መጥቃዕቲ ልቢ ከምዘስዕብ እዩ በዞም ጃፓናውያን ተመራመርቲ ዝገለጽ ዘሎ።



ብደረጃ ዓለም፡ እዚ ጉዳኢ ስብሒ፡ ዓመታዊ ጠንቂ ሞት ልዕሊ 278 ሽሕ ሰባት ከምዝኾነ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ሰፊሩ ኣሎ። ኣብ’ቲ ጽሑፍ፡ በዚ ስብሒ ዝመጽእ ጸገማት ጥዕና ንምውጋድ፡ እዚ ስብሒ ትሕቲ 1 ሚእታዊት ካብ ዕለታዊ እህልኾ ጸዓት ክሸፍን ከምዘለዎ ተሓቢሩ። እዚ ተጓዳኢ ስብሒ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ዝተማስረሑ መግብታት ከም ዝርከብ’ዩ ዝገለጸ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ከም ቀይሕን ጻዕዳን ሽጉርቲ ዝኣመሰሉ ጫሕታ ‘ሳልፈር’ ዘለዎም ዓይነት ኣሕምልቲ፡ ናይ ኣሕምልቲ ዘይቲ ተጠቒምካ ኣብ ማእከላይ ኮነ ትሑት ሓሂሪ ምስ ተብስሎም ግን፡ ትሕዝቶኦም ናብ ተጓዳኢ ስብሒ ክልወጥ ዘሎ ተኽእሎ ዝተሓተ ከምዝኾነውን ኣረጋጊጾም።


እዞም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፡ እንኽልያ መግቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ምስራሕ መግቢ ዘለና ኣፍልጦ ከነብርኽ ብምዝኽኻር፡ ጫሕታ ‘ሳልፈር’ ዘለዎም መግብታት ኣብ ነብስሉ ግዜ፡ ብርቱዕ ሓዊ እንተዘይተጠቐምና፡ ከምኡ’ውን ኣብ ክንዲ ብዘይቲ ብማይ ገይርና እንተቐለናዮም ዝሓሸ ምኳኑ መኺሮም።

## ካብ ማይ፡ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ክኣሊ ዝኽእል ሰፍነግ ተሰሪሑ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ወሃን - ቻይና፡ ኑቶም 99.9 % ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ካብ ማይ ክኣሊ ዝኽእል፡ ካብ ጡጥን ዓጽሚ ኣብቀለምን ዝተሰርሐ ሰፍነግ ከምዝሃነጹ ሓቢሮም። ኣብቀለም ንእሽቶ ልምለም እንስሳ ባሕሪ እዩ።

እዚ ማዕበሉ ዘሎ ሰፍነግ፡ ዘይክኣም’ቶም ካብ ማይ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ክኣልዩ ዝኽእሉ ኣቐዲሞም ዝተሰርሑ መሳርሒታት፡ ብዝተፈላለዩ ዓቐናት ብቐሊሉ ክቡዝሕ ከምዝኽእል’ዩ፡ በዞም ቻይናውያን ተመራመርቲ ዝገለጽ ዘሎ። እዚ ብሕሱር ዋጋ፡ ብዝቐለለ ኣገባብ፡ ብብዝሒ ክርከብ ብዝኽእሉ ጥረ-ነገራትን ማዕበሉ ዘሎ ሰፍነግ፡ ብሰፊሕ ደረጃ ኣብ ግብሪ እንተ ውዒሉ፡ ኣብ ምቕላል እቲ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ንምቁጽጻሩ ኣሸጋሪ ኮይኑ ዘሎ ዝርግሐ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ኣብ ምንጪ ማያት፡ ዓቢ ግደ ክህልዎ ከምዝኽእል ይሕብር።

ኣድማዕነት እዚ ሰፍነግ ንምፍላጥ፡ ካብ ቀላይ፡ ባሕርን ራህያን ዝተወስደ ማይ ኣብ ዝተኻየደ ፈተነ፡ ኣብ’ቲ ማይ ዝርከብ ዝተዳቐቐ ፕላስቲክ ኑቲ 99.9 ሚእታዊት ከምዝኣለዮ ሰራሕቱ ሓቢሮም። ንኣብነት፡ እዚ ካብ ሰራሕ ወጻኢ ምስ ኮነ ክምሸምሽ ዝኽእል ሰፍነግ፡ ኣብ ማስርሒ ብዘንጸፎ ካልኦት ብከላታት፡ ናይ ምጽራይ ዓቕሙ ከምዘይጎድል ገሊጾም።



ብደረጃ ዓለም ኣብ ዝተኻየደ ናይ ማይ መርመራታት፡ ንጥዕና ሰብ ክጎድኡ ዝኽእሉ ብዙሕ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ኣብ ዝስተ ማይ ክርከቡ ክኢሎም እዮም። ኣብ ሓደ መጽናዕቲ ድማ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ዓመት ብዝሰትዮ ማይ ኣቢሉ ከባቢ 4 ሽሕ ጫታታት ፕላስቲክ ናብ ኣካላቱ ከምዝኣቱ ተፈሊጡ እዩ።

ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ካብ ጸፍሒ መሬትን ውቅያኖሳትን ሓሊፎም ኣብ ደቦናታት’ውን ክርከቡ ምኽኣሎም ይዝከር። ኣብ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት፡ ከም PFAS፡ በስፍኖልን ታሌትን ዝበሃሉ ሕማም መንሽሮ፡ ጸገም መውለድን ምዝባዕ ሆርሞንን ከስዕቡ ዝኽእሉ ክሳብ 16 ሽሕ ዝበጽሑ ኬሚካላት ይርከቡ። ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ናብ ሓንጎልን ወሸጣዊ ክፋል ኣካላትን ክኣትዉ ዝኽእሉ ኮይኖም፡ ብመዳሕንቲ ኣቢሎም ከኣ ናብ ኣካላት ጥኑ ዘይተወልደ ቆልዑ ክመሓላለፉ ከምዝኽእሉ፡ ኣብ ካልእ መጽናዕቲ ተረጋጊጹ እዩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓማሴን<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት<br>ፋርማሲ ሚለኒየም | 12/01/2025 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሱዳው<br>ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ኣምፕ ቦሎ<br>ጎደና ባሕሪ ባሩ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስገድ | 120205<br>124151<br>07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services